# ምስ ብ/ኣቡበከር ዓሊ ዓንተር ዝተገብረ ቃለ-መጠይቕ

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ምስ ብ/ኣቡበከር ዓሊ ዓንተር ዝገበረቶ ቃለ-መጠይቕ ብፈነ ረድዮ ብክልተ ክፋላት ምምሕልላፍና ዝዝከር ኮይኑ እነሆ ድማ ናብ ጽሑፍ ገልቢጥና ናብ መርበብ ኢንተርኔት ንዝርገሖ ኣለና። ሰናይ ንባብ!

ሕራይ ብ/ኣቡበከር ዓሊ ዓንተር ሕጽር ብዝበለ ናይ ቃልሲ ድሕረ ባይታኻን ሕጂ ዝመጻእካሉ ቦታን ምኽንያትን ንሰማዕትና እንተተገልጸልና?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡- ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ካብ ነዊሕ ዓመታት ተቓሊሰ ክሳብ ሕጂ'ውን ኣየቋረጽኩን ቃልሰይ ይቕጽል የ ዘለኹ። ዝቕመጠሉ ኣብ ከተማ ጂዳ ስዑዲ ዓረቢያ'ዩ። ጂዳ ብዙሓት ኤርትራውያን ዝነብርሉ ወዲ-ሰብ ሂወቱ ክልውጠሉ ዝኽእል ዓቢ ከተማ'ዩ። ኤርትራውያን ናብራኦም ከመሓይሹ ኣብ ዝጀመርሉ እዋን ነጻነት መጺኡ። ድሕሪ ነጻነት ምምጻእ ድማ፡ ስርዓት ህግደፍ ነቲ ህዝቢ ኣብ ሃገሩ ዝቕመጡሉ ባይታ ስለ ዘይፈጠረሉ ኣብ'ዚ ይንብር ኣሎ ዓዱ ኣይተመልሰን። ህግደፍ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ጂዳ ዝነበር ህዝቢ ዝገብሮ ዘሎ በደላት፡ ካብ'ቲ ናይ ውሽጢ ኤርትራ ዝንእስ ኣይኮነን። ፓስፖርትን ንምውጻእ ይኹን ንምሕዳስ ናብ ሃገር ንምኻድ ይኹን ናብ ካልእ ንምንቅስቓስ ኣዝዮም የጨንቕሉ፡ ንቁሩብ ኣቑሑት ብካርጎ ክልእኽ ብጣቓ ናይ ህግደፍ ዘብሉ ኣይመዝንሉን ኣየብጽሕሉን። ስለዚ ክኸውን ዘለዎ ህዝቢ ኤርትራ ተኣኪቡ ነዚኦም ክጸርጎም ኣለዎ።

ሕቶ፡- ኣብኡ ትነብሩ እንተኾይንኩም ብመንግስቲ ስዑዲያ ውሕስነት የብልኩምን ዲኹም?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ብመንግስቲ ስዑዲያ ውሕስነት ኣለና'ዩ። መንግስቲ ስዑዲያ ንህዝቢ ኤርትራ ሓቐፉ ዝሓዘ መንግስቲ'ዩ። ምኽንያቱ እዚ መበልየይ ካብ 1976 እቲ ስደት ኣብ ዝተጀመረሉ ግዜ ትራቨል ደኮሚንት ዝኾነት ሃገር ኣይትቕበልን ነይራ። መንግስቲ ስዑዲያ ግን ንኤርትራውያን መታን ክሕግዙ ኢሎም ተቐቢሎም ኣእትዮም ብዙሕ ሓገዛት'ውን ይገብሩ ነይሮም፡ ተወሊዳ ተዋሊዳ ድማ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ሓቝፎም ይርከቡ ኣለው። እቲ ጸገም ዝርከብ ዘሎ መንግስቲ ህግደፍ ንህዝቡ ክሕግዝ ዘይደሊ ምዃኑ'ዩ። ስለዚ፡ ህግደፍ'ዩ ንህዝቢ ኤርትራ ጸገም ኮይንዎ ዘሎ'ምበር ካልእ መንግስቲ ኣይኮነን።

ሕቶ፡ ስለምንታይ'ሞ ንመንግስቲ ስዑዲያ ንሕና ኣብ'ዚ እናነበርና ብህግደፍ ተጽዕኖ ይግበረልና ኣሎ ኢልኩም ዘይተመልክቱ ክሰምዕኹም ኣይክእሉን?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡- እቲ ጸገም ዘሎኮ እቲ ኣብ ጂዳ ዝነብር ኤርትራዊ ናይ ኤርትራ ፓስፖርቲ'ዩ ዘለዎ። ዝተባህሎ ክኸፍል'ዩ ዘለዎ። እንተዘይከፈለ ኣብ ምሕዳስ ፓስፖርት ይኹን ኣብ ካልእ ዕንቅፋት ይፈጥርሉ፡ እንተዘይከፈልካስ ሓንቲ ነገር ኣይግበረልካን ይብልዎ።

ሕቶ፡ ብካልእ ሸነኽ'ከ ብመንገዲ ሱዳን ኣቢልካ ወይ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተዘራሪብካ ክፍተሓሉ ዝኽእል መንገዲ ሪኢኹም ኣይትፈልጡን?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡- ኣብ'ዚ ብደረጃ ውድባት ማለት እቲ ንብዙሓት ውድባት ሓቝፉ ዝርከብ ዘሎ ጽላል ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ብዙሕ ጻዕርታት ኣካይዱ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ መጽናዕቲ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕበር መንግስቲ ኢትዮጵያ ንህዝብና ከየርሃውሉ ኣይተርፉን'ዮም ዝብል ትጽቢት ኣለኒ።

ሕቶ፡ እቲ ንመውጽእን መሓደስን ፓስፖርት ብዝብል ዘኽፍልዎ ልዕሊ ዓቕሚ ድዩ ወይ ፍትሓዊ'ዩ? ማለት ሓሓሊፉ ዝስማዕ ቀልዓ ካብ ዝተወልደላ ዕለት ጀሚሩ ናቱ ፓስፖርት ክሕዝ ኣለዎ ስለዚ ከኣ ክትከፈለሉ ኣለካ ኢሎም ይገድዱ'ዮም ይበሃል'ሞ ክሳብ ክንደይ ሓቅነት ኣለዎ'ዚ?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ እዚ ዝበልካዮ ወዲእካዮ ኢኻ ሓቂ'ዩ። ብዝኾነ ይኹን ጉዳይ ናብኦም ክትበጽሕ እንከለኻ፡ ከም'ዚ ንኣድጊ ዘለካ ትጽዕና ንሳቶም ድማ እንዳፈራርሑ ቃሕ ዝበሎም ይጽዕንዎም። ሓደ ሰብ ኣታዊኡ ካብ 1000 ዘይበዝሕ ክንሱ ክሳብ 7-8 ሽሕ ዝጠልብሉ እዋን ኣሎ።

ሕቶ፡ ምስ'ቶም ደገፍቶም ተሓባቢርኩም ገለ ክትገብሩ ዝፈተንክምሉ ግዜ ኣሎ?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ደገፍቶም ንገዛእ ርእሶም ዝጠዓሞም ሰባት ስለ ዝኾኑ ናይ ካልእ ሰብ ጸገም ኣይግድሶምን'ዩ። እቲ ሽግር ረኺቡ ዘሎ እቲ 7-8 ቀልዑ ሒዙ ዘሉ'ዩ'ምበር ንሳቶም ድኣ ዝኣክል ንብረት ናብ ኤርትራ ኣእትዮም ስለ ዘለው ናይ ግድን'ዩ ምስኦም ኮይኖም ከጣቕዑ። እቲ ወጽዓ ዘሎ፡ ኣብ'ቲ ርሂጸ በላዕ ስድራ ቤት ዘለዎ ገዛኽራይ ዝኸፍል ህዝቢ'ዩ። ንሳቶም ብዝኾነ መንገዲ ዘጋድዱ ደኣምበር ዝተሓባበሩ ሰባት ኣይኮኑን።

ሕቶ፡ ንሰማዕትና ንጹር መታን ክኸውን ንፓስፖርት ክንደዮም ዘኽእፍሉ ንሓደ ሰብ ቪዛ ክውጽእ ምስ ዝደሊ ኸ?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ኣነ ናቶም ፓስፖርት የብለይን ግን ንሓደ ፓስፖርት ዘኽፍልዎ ልዕሊ 700 ሪያል'ዩ። ኣብ ምሕዳስ'ውን ኣብ ካልኦት መንግስታት ኣብ ሰለስተ ሓሙሽተ ሸውዓተ ዓመት'ዩ ዝሕደስ፡ ህግደፍ ግን መታን ክቀጻጸርዎ ዝደለይዎ ክልጥጥዎን ኣብ ክልተ ዓመት ክሕደስ ኣለዎ ኢሎም'ዮም ዘገድዱ። ጥራሕ እታ ፓስፖርት ምሕዳስ ከይመስለካ፡ ክልተ ካብ ሚኢቲ ዝበሃል ኣሎ ናይ ኲናት ዝበሃል ኣሎ ናይ ስድራ ስውኣት ዝበሃል ኣሎ፡ ብዙሕ ምኽንያታት እንዳፈጠሩ'ዮም ጅቡኡ ዝጉሕጉሕዎ። እቲ ህዝቢ ድማ ክኸፍል እንከሎ፡ ተገዲዱ ደኣምበር ሃልይዎን ፈትዩን ኣይኮነን። ገለ ገለ ሰባት ተለቂሖም'ዮም ዝኸፍሉ፡ ልቓሖም ክምልሱ ድማ ብውሕዱ ኣዋርሕ'ዩ ዝወስደሎም?

ሕቶ፡ ብ/ኣቡበከር ካብኡ ከይወጽእና፡ ብዛዕባ ማሕበር ዋይታት ገለ ክንብል፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ጉባኤ ገይሩ ነይሩ እቲ ማሕበር፡ ቅድሚ'ቲ ጉባኤ ግን ኣብ መርበብ ኢንተርኔት ገለ ገለ መጋበርያታት ምስ ቀንስላ ቤት ጽሕፈት ተሻሪኾም ነቲ ነባሪ የሳቕይዎ ኣለው ልዕሊ ግቡእ ክኸፍል የገድድዎ ኣለው ዝብል ብዙሕ የዛርብ ነይሩ፡ ሕጂ ኣብ'ዚ ጉባኤ እንታይ ዝተገብረ ለውጢ ኣሎ?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ማሕበር ዋይታት ማለት ህግደፍ'ዮም። እዞም ማሕበር ዋይት ትብሎም ዘለካ ዝኣክልን ዝተርፍን ንብረት ስለ ዘለዎም ዘኽፈሉ እንተኽፈልዎም ኣይሽግሮምን'ዩ። ነቲ ሽግረኛ ህዝቢ ጥራሕ'ዮም ዘሽግርዎ ምስ ህግደፍ ኮይኖም። ብዛዕባ ማሕበር ዋይት ክትዛረብ እንተደኣ ኮይንካ ግዜኻ ምቕታል ጥራሕ'ዩ። ምኽንያቱ ናይ ህግደፍ'ዮም ንሶም። ብመምርሒ ህግደፋውያን ዝኸዱ ህግደፋውያን'ዮም።

ሕቶ፡ እቲ ደምበ ተቓውሞ'ኸ ኣብ ከመይ ኩነታት ኣሎ፡ ኣብ ሕድሕድኩም ዘለኩም ዝምድናን ሕብረትን?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ደምበ ተቓውሞ ኣብ መትከሉ ዝተኣማመን ስለ ዝኾነ ንዝኾነ ዝመጸ ነገራት ብመትከሉ ጸኒዑ'ዩ ዝምከቶ። ኣብ ነንሕድሕዱ ድማ ተሓጃጅሑን ተሓጋገዙን'ዩ ዝኸይድ።

ሕቶ፡ ጽቡቕ ካብ ኤርትራ ናብ ጁዳ ዝመላለሱ ነገዶ ኣለው'ዶ? እንተልዮም ኣብ ወደባት ናይ ኤርትራ ዘጋጥሞም ክፍሊት ቀረጽን ካልእን ኣመልኪቶም እንታይ'ይብሉ?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ እዞም ነጋዶ ንብሎም ዘለና፡ ክልተ ዓይነት'ዮም። መብዛሕቲኦም ድማ ኮነ ኢሉ ህግደፍ ከም ነጋዶ ኣምሲሉ ዝልእኮም መጋበርያ ናይ ህግደፍ'ዮም። ናብ'ዚ ዓዲ ከም ነጋዶ ተመሲሎም ኣትዮም ድላዮም ጓሕጒሖም ሓበሬታ ዝምግብዎ ነቲ ስርዓት ንሳቶም'ዮም። ገለ ገለ ሰባት ከኣ ኣብ'ታ ሃገር ሽግር ከም ዘሎ ደም ብላዕ ይበልዑ ከም ዘለው፡ እቲ ዝሰርሕዎ ንሰበስልጣን ህግደፍ ጉቦ ከም ዝኸፍልዎን ኣብ ስቅያት ከም ዝነብሩን ዝገልጹ'ውን ኣለው።

ሕቶ፡ ብ/ኣቡበከር እስከ ብዛዕባ'ዚ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዝተኸስተ ህዝባዊ ናዕብን፡ ንገለ ካብ ስልጣኖ ክወርዱ ገለ ድማ ኣብ መስርሕ ውድቀት ኣብ ዝርከብሉ ኩነታት ንመለስ'ሞ እቲ ኣብ ጁዳ ዝነብር ኤርትራዊ ነዚ ጉዳይ ምስ ናትና ብምትእስሳር እንታይ ይብል?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ እቲ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዘጋጠመ እሳት ጎመራ'ዩ ዝበሃል። እዚ ብህዝቢ ዝተላዕለ እሳተ ጎመራ'ዚ ነቶም ዓበይቲ መለኸቲ ገሊኦም ዝቕተልሉ ገሊኦም ዝእሰሩሉን ዝሃድምሉን ኩነታት'ዩ ፈጢሩ ዘሎ። ስለዚ ነቲ ህዝቢ ብኣወንታ ጸልይዎ'ዩ። ካብኡ ንደሓር ከማን ስርዓት ህግደፍ ብሰዓታቱ ክኸይድ ምኻኑ ክዛረቡ ጀሚሮም ኣለው። ምኽንያቱ ነቶም ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከቡ መለኸቲ ኣቦ ኮይኑ ዘዋፍሮም ቃዛፊ'ዩ ነይሩ። ኣድላዪ ዝኾነ ነገራት ካብ ቃዛፊ'ዮም ዝወስዱ ነይሮም ከም በዓል ኢሳያስ ኣፈወርቂ። ድሕሪ ውድቀት ቃዛፊ ግን ኩሎም ሰምቢዶም'ዮም። ነዛ ኣብ ቃዛፊ ዘጋጠመት ኣብታቶም ክትመጽእ ምኻና ክርድኡ ጀሚሮም ኣለው። እቲ ህዝቢ ድማ ነዚ ምስ ረኣየ ተበራቢሩ'ዩ ለውጢ ክመጽእ ከም ዝኽእል'ዩ ዝዛረብ።

ሕቶ፡ ነዚ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ዝተኸስተ ዘደንቕ ህዝባዊ ናዕቢ መናእሰያት'ዮም መሪሐሞ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ኩነታትና ብምንጽጻር ክንሪኦ እንከለና ኣብ ሃገርና ከምኡ ዓይነት እንተዝካየድ ቅኑዕ'ዶ ይኸውን ንከምኡ ዘፍቅድ ባይታ ኣሎ'ዶ?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ እወ ንመንእሰያትና ብግቡእ ጸልይዎም'ዩ። ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኣመርካ ከይድሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ ሰላማዊ ሰልፊ ዝገበሩ መንእሰያት'ዮም። ኣብ ጀርመን ኣብ ለንደን ኣብ ስዊድን ዘደንቕ ተቓውሞታት ዘርኣዩ መንእሰያት'ዮም። እዚኦም እቶም ኣብደገ ዘለው'ዮም። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለው ግን ኣብ ሳዋ ኣብ ድፋዓት ኣሲሩ'ዩ ሒዝዎም ዘሎ። ኣብ ከተማታት ድማ ነዚ ክገብሩ ዝኽእሉ መንእሰያት ስለ ዘየለው ሕጂ ገለ ነገር ክገብሩ ኣይክእሉን'ዮም። ግን ሰዓታቱ ይኣክል ስለ ዘሎ ዓቢ ጽልዋ'ውን ይገብረሎም ስለ ዘሎ፡ ልክዕ ከም'ቲ ኣብ ልዕሊ በዓል ቃዛፊ ዝተገብረ ክግበር ምኻኑ ይኣምን።

ሕቶ ኣብ መንጎ እቲ ናይ ቀደም ተቓላሳይን እዚ ናይ ሕጂ መንእሰይን ጋብ ተፈጢሩ ኣሎ ዘይምትእምማን ተፈጢሩ ኣሎ እቲ መንእሰይ ተስፋ ቆሪጹ ብዘይካ ንውልቁ ናብ ስደት ናብ ቃልሲ ገጹ ኣይጥምትን'ዩ ዝብል ዘረባ ኣሎ'ዩ፡ ብወገን እንተን ውድባት'ውን ነቲ መንእሰይ ታሪኽን ክወርስ ብዝኽእል መንገዲ ኣይሕብሕባኦን ኣየምህራኦን ዝብል ኣሎ፡ ነዞም ክልተ ነገራት እዚኣቶም ብወገንካ ከመይ ኢኻ ትሪኦም?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ እወ እዞም መንእሰያት እዚኣቶም መብዛሕቲኦም እቲ ናይ ቀደም ቃልሲ ዘይፈልጡ'ዮም፡ ብወገን ህግደፍ ነቲ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ታሪኽ ከይፈልጡ ዝግበር ቀጻሊ ጎስጓሳት'ውን ህልዊ'ዩ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትር ካብ ከበሳታት ኤርትራ ካብ 1982 ጀሚራ'ያ ዘይነበረት። ህግደፍ ካብ ዝኣቱ ድማ 20 ዓመት ሓሊፍዎ 'ሎ። ስለዚ እዞም መንእሰያት ነቲ ናይ ህግደፍ ፕሮፖጋንዳ ተቐቢሎም፡ ነቲ ናይ ቀደም ተጋዳላይ ብቐረባ ከይፈለጥዎ እንከለው ጽልኢ ኣሕዲሮም ማለት'ዩ። እንተኾነ ግን እቲ ናይ ቀዳም ተጋዳላይ ዝበሃል ዘሎ ኣነን ከማይ ዝኣመሰሉን ኢና። ካባይ ጀሚርካ ድማ መንእሰያት ክወርሱ ኣለዎም ኢና ንብል። ንሳቶም ድማ ተኣማሚኖም ኣብ ቃልሲ ክኣትው ኣለዎም። ብዕድመ መንእሰይ ስለ ዝኾንካ እቲ ቅድሜኻ ዘሎ ወዲ ኣርባዓ ወዲ ሓምሳ ወዲ ሱሳ ስልጣን ከም ትካቦ ክበካ ኣይኽእልን'ዩ፡ ንስኻ ባዕልኻ ብትገብሮ ንጥፈታት ኢኻ ተረጋግጾ። ስለዝኾነ መንእሰያትና ጽዒሮም ዋጋ ጻዕሮም ክረኽቡ ኣብ ቃልሲ ክኣትው ኣለዎም። ኣነ ቅድሚ ሕጂ'ውን ገሊጸዮ ነይረ'የ ብዓይኖም ክሪኡ ኣለዎም ብዓይንኻ ከይረአካ ብገደል ምጽዳፍ ጠቕሚ የብሉን። ኣሽሓት ከፊሎም ብበረኻታት ሰሃራ ክሳገሩ ዝጠፍኡ ዘለው፡ ኣብ'ዚ ቀረባ ድማ ውሽጣዊ ኣካላቶም እንደተቖርጸ መፍቶ ነገዶ ሰብ ኮይኖም ዝሃልቁ ዘለው ኣሕዋትናን ደቅናን ብጣዕሚ ዘሕዝን'ዩ። ናይ'ዚ መፍትሒ ድማ ከም'ቲ ድምጻዊ ወዲ-ጎብሩ ተኾርሚኻ ሞት'የ ኣሳፊሕካ ሞትየ ንባሕሪ ዘይትወርድ ንሓደ ዓመትየ ዝብሎ ዝነበረ ኣብ ሰብዓታት፡ እቲ ናይ ሽዑ መንእሰይ ድማ ዋእ ኣንታ ስቕ ኢለ ኣብ ገዛይ ካብ ዝቕተል በረኻ ወጺአ ምስ ኣሕዋተይ ዘይጋደል ኢሉ ይስለፍ ነይሩ፡ እዞም ናይ ሎሚ ድማ ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ኮይኖም ኣብ ባርነት ካብ ምንባር ተቓሊሶም መሰሎም ከረጋግጹ ኣለዎም። ኣነ ሕጂ'ውን ዝብሎም እቲ ብደገ ብዛዕባ ውድባት ዝወሃቦም ዘሎ መሰረት ዘይብሉ ፕሮፖጋንዳ ቀሪቦም ክመዝኑ ክኽእሎ ኣለዎም። ውድባት ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ተጠርኒፈን'የን ዝሰርሓ ዘለዋ። ናይ'ዚ ጭቡጥ ምስክር ድማ እዚ ኣብ ሃውሳ ኢትዮጵያ ካብ 21-30 ሕዳር 2011 ዝተኻየደ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ'ዩ። ኣብ'ዚ መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ ዕድመ ኮታ ኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብ ኤርትራ ብብዝሒ ተሳትፎኦ ዘረጋገጸሉ ጉባኤ'ዩ ነይሩ። እቲ ኣብኡ ዝቐረበ'ሞ ብኽትዕ ዝጸደቐ ሰነዳት ንመንእሰያትን ሃገርን ዝጠቅም ስለ ዝኾነ፡ ደጊመ ሓደራ ዝብሎም ንመንእሰያትና፡ ገጾም ናብ ቃልሲ ገይሮም ተቓሊሶም ዓዶም ክሕዙ ክበኽዑ ኣለዎም።

ሕቶ፡ ምስኡ ተታሓሒዙ ነቶም መንእሰያት ዝያዳ ተስፋ ዘቑርጾም ውድባት በዚሐን ምዕባለ የርኣያ የለዋን ኣብ ሕድሕደን ክናከሳየን ዝውዕላ ዝብል ካብ ጸላኢ ጥራሕ ዘይኮነ ካብ'ቶም ንለውጢ ንቃለሰ ኣለና ዝብሉ ገለ ውድባት'ውን ብሰፊሑ ይስማዕ'ዩ። ኣብ'ዚ ብንጹር ክምለስ ዘለዎ ኤርትራ ሃገርና ሕብረ ብሄራዊት ሃገርያ፡ ብዝሐ ውድባት እንተሃለዋኣ ሓጥያት ድዩ መልክዕን መማራጽን ክትረክብ ካብ ምሕጋዝ ሓሊፉ ውድባት ብምብዛሐን ካብ ቃልሲ ከተብኩር ይገብር'ድዩ?

ብ/ ኣቡበከር ዓሊ፡ እዚ ብቐንዱ ናይ ህግደፍ ፕሮፖጋንዳ'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ነይሩ ናብ ህግደፍ ስሙ ቀይሩ ኣብ'ታ ሃገር ንበይኑ ይነብር ኣሎ። ህግደፍ ሓደ ውድብ ስለዝኾነ እንታይ ኣምጺኡላ። ዝተኸሎ ደሞክራሲ ኣሎ? ከም ሃገር ደይኮነን ናብ ቤት ማእሰርቲ ቀይርዋ ዘሎ። ንመንእሰያት 20 ዓመት ምሉእ ኣብ ጊላነት የንብሮም ኣሎ። ህግደፍ ክኣቱ እንከሎ ደቂ 5 ዓመት ዝነበሩ ሎሚ ደቂ-25 ዓመት ኮይኖም፡ ሓንቲ ባኒ እንዳሃበ ኣብ ትሕቲ ባርነት ኣውዲቕዎም ይርከብ ኣሎ። ስለዚ ህላወ ሓንቲ ውድብ እንታይ'ያ ጠቕማ? ብዝሒ ውድብ ግን ናይ ኣረኣእያ ኣማራጺ ክትረክብ ይሕግዝ፡ ጌጋታት ናይተን ውድባት ድማ ኣብ ሕድሕደን እናተቖጻጸራ ይኸዳ፡ ንጽባሕ ሃገር ምስ ተረከብካ ብደሞክራስያዊ ኣመራርሓ ክትከይድ እምነ መሰረት ዘንጽፍ'ዩ። እዚ ሕድሕደን እንዳተበላልዓ ዝበሃል ግን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ሓሶት'ዩ። ሎሚ ውድባትና ኣብ ምትእርራም ደኣምበር ኣብ ምብልላዕ የለዋን'የ ዝብል።

ሕቶ፡ ከም'ቲ ዝበልካዮ ውድባትና ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝምድናታተን እንዳመሓየሻ ተቐራሪበን ብእሂን ምሂን እንዳሰርሓ ካብ ዝመጻ ዳር.ጋ 10 ዓመት ሓሊፍወን ኣሎ። ግን ከኣ ምስ ጸላኢ ዝወዳደር ሓያል ዝኾነ ወቓዒ ግንባር ኣይተፈጥረን ኣሎ፡ እዚ ንኸፍጠር እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብል?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ቀዳማይ ነገር ከም'ቲ ዝበሃል ዘሎ ኣይኮነን። ካብ'ቲ ዘለዋኦ ክብርትዓ እቲ ቃልሲ'ውን ንኽብርትዕ እንተደኣ ኮይኑ፡ ኩሉ ደላዩ ደሞክራስያዊ ለውጢ ይንኣስ ይዕበ ኣብ ጎኒቲ ቃልሲ ኮይኑ ኣወንታዊ ተርኡ ክበርክተለን ይግባእ።

ሕቶ፡ ኣቐዲምካ ከም ዝገለጽካዮ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2011 ኣብ ዋሃሳ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ተኻይዱ ነይሩ። ብብዙሓት ከም ዝተመስከረሉ እዚ ጉባኤ'ዚ ኣብ ታሪኽ ናይ ምሕዝነትን ሓድነት ተቓለስቲ ኤርትራውያን እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ዝተሳተፈሉ ዋዕላን ጉባኤን ከም ዝነበረ'ዩ ዝንገረሉ'ሞ ብወገንካ ነቲ ጉባኤ ከመይ ኢኻ ትግምግሞ?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ናይ ብሓቂ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጉባኤ ርኢናን ሰሚዕናን ኣይንፈልጥን። እዚ ጉባኤ'ዚ ንኩሉ ሕብረተሰብ ኣኪቡ'ዩ ቀኒዩ። እቲ ጉባኤተኛ ድማ ልክዕ ካብ ሓንቲ ማህጸን ከም ዝወጸ ተሓጃቑፉ'ዩ ን10 መዓልታት ኣካይድዎን ብዓወት ዛዚምዎን። ዘካየድናዮ ጉባኤ ደሞክራስያዊ'ዩ ነይሩ፡ ኣብ መጻኢ ድማ ብኩለንተንኡ ካብኡ ንላዕሊ ስፍሓት ንቕሓት ደሞክራስያዊ ኣሰራርሓን ሒዙ ክመጽእ ኣለዎ። ምኽንያቱ ደሞክራስያዊ ባህሊ ብሓደ መድረኽ ጥራሕ ዝረጋገጽ ዘይኮነ ነዊሕ ግዜን ብዙሕ ጻዕርን ዝሓትት ስለ ዝኾነ።

ሕቶ፡ እቲ ጉባኤ ኣብ ምንታይ ኣትኩሩ'ዩ ተዛትዩ እንታይ ውሳኔታትከ ኣሕሊፉ?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ጉባኤ ብቐንዱ ኣብ 4 ኣርእስታት'ዩ ተዛትዩ። ማለት ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተር፣ ሕገ-ህንጻ፣ ሮድ ማፕ፣ ቅዋም። ነዚ ነብሱ ኣብ ሽውዓት ክፈሉ'ዩ ተዛትይሉ፡ እቲ ዘገረመኒ ነገር እዚ ኣብ ሸውዓተ ቦታ ተኸፋፊሉ ዝገበሮ ዘተ ኣብ ሓንቲ ኣዳራሽ ኮይኑ ከም ዝተኻተዐ ነቲ ቅኑዕ ተቐቢልዎ ነቲ ኣይቅንዑን ዝበሎ ድማ ኣይተቐበሎን።

ሕቶ፡ እዚ ጉባኤኛ ነናብ ቦትኡ ምስተመለሰ እንታይ ክገብር ኣለዎ ትብል?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ኣበርቲዑ ክሰርሕ ኣለዎ እብል። ውጽኢት ናይ'ቲ ጉባኤ ንህዝቢ ክሕብር ኣለዎ ካብ'ቲ ዝጸንሖ ሓኒኑ ክነጥፍ ኣለዎን።

ሕቶ፡ ምሁራት ብፍላይ ኣብ ከም በዓል ኤርትራ ዝበላ ድሑራት ሃገራት ንህዝቢ ከም መብራህቲ ኮይኖም'ዮም ከገልግሉን ኣንፈት ከትሕዙን ትጽቢት ዝግበረሎም፡ ገለ ገለ ዶኳትር ፕሮፌሰራት ኢና በሃልቲ ግን ብሰንኪ ህግደፍ ድሕነት ህዝቢ ኣብ ኣዝዩ ኣሰካፊ ኩነታት ኣብ ዝርከበሉ ወቕቲ፡ ንህግደፍ ዘይደገፈ ብደው ከም ዝሞተ እንዳበሉ ድግድጊት ተዓጢቖም ጎስንሳት ክገብሩ ኢና ንዕዘብ ዘለና ነዚኦም እንታይ ክትብሎም ትኽእል?

ብ/ኣቡበከር ዓሊ፡ ህግደፍ ብምሁራት ክድገፍ ዘይኮነ ፊት ንፊት ተቓውሞ ክገጥሞ ኢኻ ትጽቢት ትገብር፡ በቲ ኣብ ልዕሊ ምሁራት ዝጸንሖ ኣረኣእያን ኣተሓሕዛን። እንተኾነ ከም'ቲ ዝበልካዮ ገለ ገለ ምሁራት ኢና ዝብሉ ካብ'ቲ ህግደፍ ዝገብሮ ዘሎ ንላዕሊ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ በደላት ይፍጽሙ ኣለው። ካብ'ዚ እንተዘይተቐጢቦም ድማ ጽባሕ ንግሆ ናይ ኢዶም ክኽፈሉ ምኻኖም ክፈልጡ ይግባእ። ነዚ መሰረት ገይረ ክብሎም ዝደሊ እንቱም ምሁራት ኢና እንዳበልኩም ንሓደ ዲክታቶር

ተገልግሉ ዘለኹም ንምንታይ ተማሂርኩም ደጊምኩም ሕሰቡ፡ በቲ ሒዝኩሞ ዘለኹም መንገዲ እንተቐጺልኩም ህዝባዊ ማዕበል ምስ ህግደፍ ክጉሕፈኩም ምኻኑ ተገንዘቡ እብሎም።

ኣብ መወዳእታ እዚ ኩሉ ህዝቢ ዝተሳተፈሉ ጉባኤ ንኽገበር ዝተደጋገፉና ህዝብን መንግስቲ ኢትዮጵያ ተመሓላልፎ መልእኽቲ እንተለካ ዕድል ክበካ?

ብ/ኣቡበክር ዓሊ፡ መንግስትን ህዝብን ኢትዮጵያ ካብ መጀመርያ መዓልቦ ነፈርቲ ኣዲስ ኣበባ ጀሚሮም ክሳብ እቲ ጉባኤ ዝተኻየደሉ ቦታ ሃዋሳ ኣብ ጎኒና ኮይኖም፡ ብጉልበቶም ብንብረቶም ብገንዘቦም ኮታ፡ ኩሉ ሓደ ፈታዊ ክገብሮ ዘለዎ ብምግባር ምትሕብባሮም ብተግባር ኣርእዮምና። ንሕና ግን እዚ ገይሮምልና ንብል ኣለና፡ ንሕናን ህዝቢ ኢትዮጵያን ግን ኣሕዋት ኢና፡ ከም ህዝብታት ጽልኢ የብልናን ኣይነበረናን። ኣብ ጽልኢ ዘእተውና ውሱናትን ፍሉጣትን ሰባትዮም። ህግደፋውያን ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጽልኢ ንምፍጣር ዝወልዕዎ ኲናት ዘካይድዎ ዘለዎ ኣብ ድሕረት ዝተመስረተ ፕሮፖጋንዳዊ ጎስጓሳትን ስንብራት ኣይገድፍን ክበሃል ኣይከኣልን። ግን እቲ ስምብራት ህግደፍን መሰልቱን ብምዋጋድ ኣብ ሃገርናን ዞባናን ብዝፍጠር ዘተኣማመን ሰላምን ሓባራዊ ጠቕሚ ዝመዕቀኒኡ ሓቀኛ ምትሕብባርን ሂወት ክዘርእ'ዩ። ብዝኾነ ኣነ ንኢትዮጵያውያን ጉባኤና ኣብ ምዕዋት ንዝገበርኩምልና እንግዶት ብልቢ የመስግን ኣብ ካሕሳኹም የውዕለና ጥራሕ'የ ዝብሎም።

ሕቶ፡ ነዚ፡ ገለ ወገናት ብቐንዱ ህግደፍን ወድዓውያን ተሓባባርቱን ብኣሉታ ክምዝምዝዎ ይፈትኑ'ዮም። ካብ'ቲ ዘቕርብዎ ክስታት፡ ናብ ኢትዮጵያ ምኻድ ከም ክድዓት ሃገራውነትካ ኣሕሊፍካ ምሃብ፡ ልዑኽ ናይ ወያነ ገይሮም'ዮም ክገልጽዎ ዝፍትኑ፡ እዚ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተወሰደ ናይ ምትሕብባር ስጉምቲ፡ ኣብ'ቲ ብህግደፍ ንምብካሉ ዝስረሓሉ ዘሎ ዝምድና ናይ ክልቲኦም ህዝብታት እንታይ መሰረት የንጽፍ?

ብ/ኣቡበክር ዓሊ፡ እወ ህግደፍ ነገራት ምብላሕን ምምዝማዝን ለይቶም'ዩ። ህግደፍ ዝገብርዎ ኩሉ ሓላል እቲ ካልእ ዝገብሮ ኩሉ ድማ ሓራም ገይሮም'ዮም ወረ ዝነዝሑ። እቲ ዝገርም ኢትዮጵያውያን ምሳና ክደጋገፉ እንከለው ወጽዓና ሪኦም'ዮም። ህግደፍ ዝሕግዞም ዘሎ'ኸ ኤርትራ ናትና'ያ ወደባትና ክነምልሰን ኣለና ንዝብሉ ደይኮነን ዝድግፍ ዘሎ። እዞም ህግደፍ ዝድግፎም ዘሎ ቅድሚ ጸላእትን ተቓወምቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምኻኖም ጸላእትን ተቓወምትን ነጻነት ልዑላውነት ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን 'ዶ ኣይኮኑን? ስለዚ እዚ ህግደፍን ወድዓውያን ተሓባበርቶምን ሕሉፋት ተሓለኽቲ ሓድነት መሲሎም ወያነ ከምዚ እንተገበረሎም፡ እንተበሎም እንዳበሉ ዝነዝሕዎ ዘለዎ ተራ ፕሮፖጋንዳ ህዝብን ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ንምርሕሓቕ ዝተኣልመ ውዲትዩ በኒኑ ድማ ክተርፍዩ።

ሕራይ'ሞ ብ/ኣቡበክር ዓሊ ዓንተር ንስለቲ ዝሃብካኒ ሓሳባት ብስመይን ብስም ኩሎም ሰማዕትን ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራን ኣመስግነካ የቐንየለይ።

ኣነ'ውን ደምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ብኣይ ተገዲሳ ሓሳባተይ ናብ ህዝበይ ከመሓላልፍ ንዝሃበትኒ ዕድል ብልቢ የመስግን።

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ